Shalom Publishers

ሻሎም

20 Shalom



ሚያዝያ 2019 ቁ. 20

መልእኽቲ ሻሎም

"ሃብቲ ንሓዋሩ ዘውዲውን ንወሊድ ወለዶ ኣይነብርን እዩ እሞ፡ ሃለዋት ኣባጊዕካ ኣጸቢቕካ ፍለጥ፡ ንልብኻ ኣብ መንሴኻ ኣንብሮ።" ምሳ 27፡23-24።

ሰላም ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ምስ መንፈስኩም ይኹን። ነቲ ብኽምዚ ከነገልግል ጸጋኡን ሓለዋኡን ኣባና ዝገበረ ጐይታ ምስጋና ይኹኖ። መጽሄት ሻሎም ሎሚ ውን ከም ወትሩ ብቓል ኣምላኽ ምጽንናዕን ምኽርን ምዕዶን ምብርታዕን ኪኾነልና ትሕዝቶኣ ኣዳልያ፡ ቀሪባ ኣላ። ብሓቂ ነቲ ጽሑፋት ኣንቢብና ከም ንቡር ክንሓልፎ ዘይኮነስ፡ ከነስተንትኖን ኣብ ህይወትና ከምኡ ኼንና ክንመላለስ ክንጽሊ ይግብኣና።

ቅድሚ ናብቲ ትሕዝቶታት ምሕላፍና ነዛ ምሳ 27፡23 — 24 ክንህበኩም ባህ ይበልና። እንስሳታት ናይ ዝተፈላለየ መልእኽትታት ንምምሕላፍ ንጥቀመሎም ኢና። ኣባጊዕ ከኣ ምሳሌ ናይ ሰባት ኮይነን ይቕርባ እየን። ንኣብነት ኣብ መዝ 79፡13 "ንሕና ግና፡ ህዝብኻን ኣባጊዕ መንሴኻን ዝኾንና፡ ንዘለኣለም ከነመስግነካ፡ ንወሊድ ወለዶ ምስጋናኻ ኽነውሪ ኢና" ይብል። ጐይታ የሱስ ከኣ "ብዙሓት ህዝቢ ምስ ረኣየ፡ ሓላዊ ኽም ዘይብለን ኣባጊዕ፡ ግፉዓትን ፋሕ ዝበሉን ነበሩ እሞ፡ ደንገጸሎም" ይብለና፡ ማቴ9፡36።

ኣባጊዕ ምክትታል ዘድልየን ድኹማት ፍጥረት እየን። ጽቡቕን ክፉእን ዘይፈልጣ ብምኻነን ብዙሕ ምክትታል የድልየን። ሎሚ ንህዝቢ ኣምላኽ ከም ኣባጊዕ ምኻኑ ተረዲእና እናደንገጽና ክንንስዮ ጐይታ ይርድኣና። ጐይታ የሱስ ነታ ሓንቲ በጊዕ ምስ ጠፍኣቶ ንእኣ ከናዲ ኣኽራናት ይድይብን ይወርድን፡ ምስ ረኽባ ከኣ ኣብ መንኩቡ ይሕንግራ። "ምስ ረኽባ ኽኣ፡ እናተሓጐሰ ኣብ መንኩቡ ይሕንግራ። ናብ ቤቱ ምስ ከደ ድማ፡ ነዕሩኹን ንጐረባብቱን ብሓደ ጸዊዑ፡ ነታ ዝጠፍኣትኒ በጊዔይ ረኽበያ እሞ፡ ተሓጐሱ፡ ይብሎም" ይብለና ሉቃ 15፡5።

ኣባጊዕ ከም ጐይታ ዝበለ ሕያዋይ ጓሳ ክረኽባ ኣለወን። ልቢ ሓቀኛ ጓሳ ናብ ኣባጊዑ እዩ። ንሱ ግደን ኣለዎ። ስለዚ እዩ ጥበበኛ ሰሎሞን 'ሃለዋት ኣባጊዕካ ኣጸቢቕካ ፍለጥ ንልብኻ ኣብ መንሴኻ ኣንብሮ' ዝብለና። እምበኣር ሎሚ ሃለዋት መንሴና ክንፈልጥ ጐይታ ይርድኣና።

መጽሄት ሻሎም hibretchristians@gmail.com

ዓምዲ ጸሎት

ናይ ወጋሕታ ጸሎት

“ኣንጊሁ ተንሲኡ፡ ገና ለይቲ ኸሎ፡ ወጸ። ናብ ጽምዊ ቦታ ኸይዱ ድማ ኣብኡ ጸለየ” ማር 1፡35።

ክርስትና ዋጋ የኽፍል እዩ፡ እቲ ዋጋ ዘኽፍለካ ከኣ ብዙሕ ዓይነት ኪኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ ካብኡ ከኣ ኣንጊህካ ምትንሳእ እዩ። ምሉእ ለይቲ ኣሚዩቕካዮ ዝሓደርካ መደቀሲኻ ገዲፍካ ክትወጽእ ንሰብ ካብ ዝኸብዶ ነገራት እዩ። ብሓቂ ደላዪ ዝኾነ ሰብ ግና ነቲ ዝደለዮ ኣንጊሁ እዩ ዝገብሮ። ኣንጊህካ ዝደለኻዮ ነገር ከኣ ከም እትዕወተሉ ርግጽ እዩ።

ሓደ ካብቲ ኣንጊህና ክንገብሮ ዘሎና ነገር ከኣ ምጽላይ እዩ። ብርግጽ ሓይሊ ጸሎት ኣብ ኩሉ ሰዓት ይሰርሕ እዩ። ግናኸ ኣንጊህካ ምጽላይ ብዙሕ ረብሓ እዩ ዘለዎ። የሱስ ውን ኣንጊሁ ተንሲኡ፡ ገና ለይቲ ኸሎ፡ ይብለና እቲ ቃል፡ ክጽሊ ይትንስእ ነበረ። ጸሎት ኣብ ዝተፈላለየ ሰዓታት ተካይዶ ኢኻ፡ ኣብ ምውጻእካ፡ ኣብ ምእታውካ፡ ኣብ ኮፍ ምባልካ፡ ኣብ እትበልዓሉ ጊዜ፡ ኣብ ጉዕዞ፡ ኣብ ሓዘን፡ ኣብ ሓጐስ፡ ወዘተ። እዚ ኣገባብ ኣጸላልያ፡ ብዙሕ ጊዜ ዘይሓተካ እዩ። ግናኸ ከነስተውዕሎ ዘሎና፡ ብዘይካ እዚ ነፍሲ ወከፍና፡ ምስ ኣምላኽ ብጸሎት ጊዜ እንወስደሉ ጊዜ ክህልወና ኣለዎ። ኣብዚ ቃል ክንሪኡ ከሎና፡ የሱስ ፡ -

1. “ኣንጊሁ ተንሲኡ” ይብለና። ብሓቂ የሱስ ቅድሚ ኹሉ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ይገብር ነበረ። ቅድሚ ኹሉ ቀዲሙ ክመጽእ ዘለዎ ጸሎት እዩ። የሱስ ንድቃስ ጸሊኡ ኣይኮነን ኣንጊሁ ዝተንስኣ፡ ግናኸ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ንኽገብር ቅድሚ ኹሉ ነዚ ተግባር ሰሪዑ፡ ኣንጊሁ ተንስኣ። ኣሕዋተይ ሎሚ ንሕና ናይ ወጋሕታ ጸሎት ክንለማመድ ይግብኣና። ብእኡ ብዙሕ ነገር ነስልጥ ኢና።
2. “ገና ለይቲ ኸሎ” ይብል። ገና ብርሃን ከይኮነ ኸሎ ኪኸውን ኣለዎ እቲ ምትንሳእና። ንኣምላኽ ምድላይና ገና ጸልማት ከሎ ከይወግሐ፡ ናብ መቕደሱ ክንግስግስ ኣሎና።
3. “ናብ ጽምዊ ቦታ ኸይዱ” ይብል። እንጽልየሉ ስፍራ ጽምዋ ሰብ ዘይረኽበና፡ ጸጥታ ዘለዎ እንተኾነ እቲ ዝበለጸ ይኾነልና። ምኽንያቱ ምስ ሰብ ኣይኮንናን ክንራኸብ፡ ምስ ኣምላኽ ኢና ሕብረት ክንገብር ደሊና ዘሎና። ስለዝኾነ ኸኣ

ጽምዊ ቦታ እንተረኽቢና፡ ከይተረበሽና፡ ሓሳብና ከይተሰርቀ፡ መስመርና ናብ ላዕሊ ክንዝርግሕ ንኽእል። መጸለይና ጽሙዋ ዘለዎ ቦታ እንተ ኾይኑ ዝያዳ ጊዜ ክንወስድ ንኽእል ኢና። ምስ ሰብ ዘራኽበና ማዕጸና ኮነ ስልክና (ሞባይልና) ጸጥ ኣቢልና (ሳይለንት) ጌርና፡ ልብና ውን ጸጥ ኣቢልና፡ ካልእ ከይሓሰብና፡ ክንጽልን ክንምህለልን ይግብኣና።

4. “ኣብኡ ጸለየ” ይብለና። ኣብቲ መጸለዩ ስፍራና ኬድና ኮፍ ኢልና ካልእ ክንሓስብ ዘይኮነ፡ ኣብኡ ኴንና ክንጽሊ ምስ ኣምላኽ ክንዘራረብ፡ ምስኡ ጊዜ ክንወስድ፡ ይግብኣና።

እምበኣር እዚ ናይ የሱስ ህይወት ሎሚ ኣብዚ ዘመን ንእንርከብ ሰባት ንኹልና ዓቢ ትምህርቲ እዩ። እስከ ናይ ወጋሕታ ጸሎት ንኽንገብር፡ ኣንጊህና ንተንስእ፡ ንእኡ ክንረክብ፡ ነዚ ዕረፍቲ ህይወትና ዝኾነ ጐይታ ምስኡ ሕብረት ክህልወና፡ ገና ለይቲ ኾሎ፡ ንተንስእ፡ ጽምዊ ቦታ ኸኣ ይሃልወና፡ ኣብኡ ኸኣ ጽሎትናን ምህለላናን ነካይድ፡ ብእኡ ኸኣ ብዙሕ ነገር ከነስልጥ ኢና። ኣብኡ ናይ መዓልታዊ መስዋእትና ነዕርግ እስከ። ሎሚ ሰብ ኣንጊሁ ክጽሊ ዘይኮነ ነናብ ዋኒኑ -ቢዝነሱ- እዩ ተብተብ ኢሉ ዝወጽእ። ዘሕዝን ከኣ፡ ዋላ ድሕሪ ዋኒኑ ምክያዱ ናብ ጸሎት ዝምለስ የለን። ንኣምላኽ ብሓቂ ዝደልዮ ሰብ ኣንጊሁ ቅድሚ ኹሉ ዋኒኑ እዩ ዝደልዮ። ጐይታ ኸኣ ይርከብሉ። ዘማሪ ዳዊት ንኣምላኽ ኣንጊሁ ብጸሎት ዝደልዮ ሰብ ነበረ፦

“ሓለፋ እቶም ወጋሕታ ዚጽበዩ ሐለውቲ፡ እው፡ ሓለፋ እቶም ወጋሕታ ዚጽበዩ ሓለውቲ ነፍሰይ ንእግዚኣብሄር ትጽበዮ ኣላ።” ይበልና ፡ መዝ 130፡6።

ሓለውቲ ወጋሕታ ክወግሓሎም እዮም ዝጽበዩ፡ ዳዊት ግና ንእግዚኣብሄር ክደሊ ንእኣም ይቕድሞም ነበረ። ከምኡ ስለ ዝኾነ እዩ ኸኣ ብዙሕ ምግላጽ ይረክብ ነበረ። ዎች ማን ኒ ናይ ኣምላኽ ሰብ “ኣንጊህካ ምጽላይ ምግላጽ ኣለዎ፡ ሰዓት ዓሰርተ ተንሲእካ ውን ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ ግና ምግላጽ የብሉን” ክብል ገለጸ። ብሓቂ ኣብቲ ኣንጊህካ ንኣምላኽ እትደልየሉ ጊዜ ንዝተለማመዶ ምግላጽ ኣለዎ።

እምበኣር ጥቕሚ ኣንጊህካ ምጽላይ ገለ ክንጠቕስ፦

1. <u>ምሉእ ሓይሊ ይህልወካ።</u>

ኣንጊህካ ክትንስእ ከሎኻ፡ ኣእምሮኻን ስጋኻን ኣብ ዕረፍቲ ብምጽናሑ ኣካላዊ ሓይሊ ይህልወካ። ስለዝኾነ፡ ከይሰልኬኻ ብምሉእ ሓይሊ ጊዜ ክትወስድ ትኽእል።

2. <u>ጽምኣትካ ይውስኽ።</u>

ኣንጊህካ ብምትንሳእ ንኣምላኽ ዘሎካ ጽምኣት ዝያዳ እዩ ዝኾውን። እቲ ኣንጊህካ ምድላይካ ንዘሎካ ቅንኣትን ጽምኣትን ዝውስኽ እዩ። ➔

3. <u>ንፍሕሶ ሰይጣን ከሎ ጌና ተዕንዎ።</u>

እቶም ናይ ኣምላኽ ሰባት ኣንጊሆም ዝትንስኡ ሓደ ምኽንያት፡ ንኣሰራርሓ ሰይጣን ዘበለ ጌና ኸሎ፡ ብመንፈስ ከዕንውዎ እዩ። ሰይጣን ድቃስ ዘይብሉ ጸላኢ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ዕዮታቱ ኸኣ ብለይትን ብቐትርን እዩ ዘካይዶ። ስለዚ ናይ ድቃስ ጊዜ ጌና ከይተወድአ ከሎ፡ ንኹሉ ዕዮታቱ ንኽንጻረሮ፡ ኣንጊህና ንትንስእ እሞ ንፍሕሶታቱ ንቃወሞ።

4. <u>ንግሆ ጸጋ እትቕበለሉ እዋን እዩ።</u>

ኣንጊህና ተንሲእና ንምሉእ መዓልቲ ዘድልየና ካብ ጐይታ ጸጋ ክንቅበል የድልየና። ነቲ መንፈሳዊ ህይወትና ዝጻረር ብዙሕ ነገር ስለ ዘሎ፡ ንኹሉ ዘኽእል ካብ ጐይታ ጸጋን መንፈስን እንምልኣሉ ወጋሕታ እዩ። "ኵለን መዓልትታትና ኽንሕጐስን ባህ ኪብለናንሲ፡ ንግሆ ጸጋኻ ኣጽግበና።" መዝ 90፡14።

5. <u>ሓለዋ ኣምላኽ ምሳና ንኽኸውን።</u>

ኣብ ምሉእ መዓልቲ እንታይ የጋጥመና ኣይንፈልጥን ኢና፡ ግናኸ ሓለዋ ኣምላኽ ምሳና ንኪኸውን ኣንጊህና ንሓለዋ ኣምላኽ ክንደሊ ይግብኣና። ኣምላኽ ከኣ ካብ ኩሉ ኽፉእ ብመላእኽቱ ገይሩ ይሕልወና። ካብ ዘይተደልየ ይሕልወና፡ ብመገዱ የመላልሰና።

6. <u>ንመዓልትና ብምስጋና ክንጅምሮ።</u>

ንኽነማርር ዝገብሩ ብዙሕ ነገራት ስለ ዝገጥሙና፡ ካብ ምምራር ወጺእና ምሉእ መዓልቲ ብምስጋና ክንመልእ ምእንቲ፡ ኣንጊህና ብምስጋናን ኣምልኾን መዝሙርን ክንጅምሮ ይግብኣና። "በገናን መሰንቆን ንቐሑ፡ ንወጋሕታ ኽንቅሓ እየ።" መዝ 108፡2።

7. <u>ብቓሉ እንታይ ይብለና ክንቅበል ወጋሕታ ምትንሳእ የድልየና</u>። ኣንጊህና ጌና ለይቲ ኸሎ እንትንስእ ንኽንጽሊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣምላኽ ውን ንኣና ብቓሉ ኽዛረበና እሞ ምሉእ መዓልቲ በቲ ዝሃበና ቃል ከነስተንትን ብጽሞና ኣንጊህና ናብኡ ክንግስግስ የድልየና። "ቅድሚ ወጋሕታ መጺኤ ኣእዌኽ፡ ንቓልካ እጽበ እኔኽ።" መዝ 119፡147።

እምበኣር ኣሕዋተይ፡ ጸሎት ምንቃሕ የድልዮ እዩ። ሓደ እትነቕሓሉ ከኣ ወጋሕታ ጌና ለይቲ ኸሎ እዩ። ሎሚ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ጊዜ ንምጽኣት ጐይታ እንጻበየሉ ብጸሎት እናነቓሕና እዩ። ጐይታ ይርድኣና። <u>"ብኵሉ ጸሎትን ልማኖን ኵሉ ሳዕ ብመንፈስ እናጸለኹም እሞ፡ ምስናይ እዚውን ብኵሉ እናተጸመምኩም፡ ስለ ኵሎም ቅዱሳን ብጸሎት ንቐሑ</u>" ኤፌ 6፡18።



ኣርእስትታት ጸሎት

ኣንበብቲ መጽሄት ሻሎም፡ ኣብዘን ዝስዕባ ጊዜታትና፡ ኣብ ዘዘለናዮ ጌና ለይቲ ከሎ ብወጋሕታ ተንስእና፡ ብጸሎት ንንቃሕ፡ ጐይታ ክረድኣና እዩ።

ኣብዘን ዝስዕባ ኣርእስትታት ኣተኩርና ክንጽሊ ኢና፡ -

1. ስለ ናይ ነፍሲ ወከፍና ሓድነት።

ቃል ኣምላኽ ብኣንድነት ፍጹማት ክንከውን እዩ ዝነግረና። ንሕና ከኣ ካብቲ ቀንዲ ንድኻምና ምኽንያት ዝኸውን ኣብ መንጐና ብኣንድነት ፍጹማት ዘይምኻንና እዩ። ኣብቲ ቀንዲ ነገር ሓደ ክነስና ግናኸ ኣብ ቀሊል ነገር ክንፈላለ ከሎና ሰይጣን ጥራይ እዩ ዝብለጸልና እሞ፡ ብኣንድነት ፍጹማት ክንከውን፡ ንሓድሕድና ምቅብባል ክህልወና፡ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ። ስለ ኹለን ማሕበራት ምቅብባል ክህልወን፡ ነፍሲ ወከፍ ብሓሳቡ ርዱእ ኪኸውን፡ ንኹሉ ዝፈላልየና ዘበለ፡ ከም ስርናይ ክሓሕየና ዝመጽእ፡ ኩሉ ኣጋንንታዊ ኣሰራርሓ እናተቓወምና፡ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።

2. ስለ ሃገርና።

- ስለ እተሰደዱ ኣሕዋት፡ ኣምላኽ ዘመን ምትእኽኻብ ክገብረልና።
- ስለ ሰላም ሃገርና፡ እግዚኣብሄር ንሃገርና ሰላሙ ክህባ።
- ስለ መራሕቲ፡ ኣምላኽ ንልቦም ብፍቓዱ ከምልእ፡ ብቕንዕና ክመርሑና።
- ስለ መኣንንቲ፡ ብትኽክል ክፈርዱ፡ ዓመጻን ምፍርራህን ክሓድጉ።
- ስለ ኹሎም ደቂ ሃገርና፡ እግዚኣብሄር ክበጽሓና።
- ስለ ኣዴታት፡ ነዲኡ ዝረግም ሞት ይሙት እዩ ዝብል እሞ፡ እናመረቕናየን፡ ስለ እታ ብስጋ ወላዲትና ዝኾነት ኣዴና፡ እግዚኣብሄር ብርሃኑን ሓቁን ክሰደለን፡ ስለ ኩለን ኣዴታት ሃገርና ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።

3. ስለ ዝሓመሙ ወገናትና።

- ብሕማም ንዝሳቐዩ ዘለዉ ወገናትና፡ እግዚኣብሄር ክፍውሶም፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ፈወሳኺ እየ ስለ ዝብል፡ ክፍውሶም፡ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።
- ብኤይድስ ንዝሳቐዩ ወገናትና፡ ኣምላኽ ናብ ዕረፍቱን ናብ ብርሃን ወንጌሉን ክስሕቦም፡ ንእኣም ንዝኣልዩ ኽኣ ጸጋኡ ክህቦም እሞ ናብ ጐይታ ክመጹን ቃሉ ብትብዓት ክነግሩ ክኽእሉን ጸጋኡ ከብዝሓሎም፡ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።
- ሕዱር ሕማም ንዘለዎም ወገናትና ጐይታ ብፈውሱ ክበጽሖም፡ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።

4. ስለ ዝደኽሙ ኣሕዋትና።

- ኣብ ድኻም ንዘለዉ ኣሕውትና፡ ናብ ጐይታ ክመጽኡ እናደለዩ ግናኸ ሓይሊ ንዝሰኣኑ፡ እግዚኣብሄር ብመንፈሱ ሓይሉ ክህቦም እሞ ክትንስኡ፡ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ። ሓውኻ ሓጢኣት እንተ ገበረ ጸልየሉ እዩ ዝብል እሞ ናብ

ሞት ዘብጽሕ ሓጢኣት ኣሎ ናብ ሞት ዘየብጽሕ ሓጢኣት ውን ኣሎ ይብለና እዩ እሞ፡ እቲ ናብ ሞት ዘብጽሕ ኽሕደት እዩ፡ ግናኸ ስለ እቶም እናደለዩ ሓይሉ ዝሰኣኑ ስሌኣም ግና ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።

5. ስለ ቤተ ክርስትያን።

- ኣምላኽ ብመንፈሱ ንኹሎም ፋሕ ኢሎም ንዘለዉ ኣመንቲ ጐይታ ክረድኦም፡ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።
- ቤተ ክርስትያን ብመንፈሱ ክብ ኢላ፡ ወንጌል ብሓይሊ ክትነግር፡ ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።
- ስለ ኹሎም ኣብ ኣንደራትን ኣብ ሼላታትን ኣብ ቤት ማእሰርትን ዘለዉ ኣሕዋት ኣምላኽ ጸጋኡ ክህቦም፡ ክረድኦም፡ መወዳእታ ክገብረሎም፡ ብንብዓት ስለ እሱራት ገጽ እግዚኣብሄር ንድለ።

ኣምላኽ ይርድኣና። 2ዜና 7፡14።

ሻሎም ጽሄት ሻሎም

ንዘደልዩ ኩሎም ብመገዲ ኢመይል እትዝርጋሕ ፡ ኮይና ብናጻ እትወሃብ እያ ። ናይ ዝሓለፈ መጽሄትና ክትቅበሉ እትደልዩ ኣብ ዌብሳይትና ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ኢኹም።

www.shalom7.org



ኣምላኽ ኣሎ

ሓደ ናይ ዩኒቨርሲቲ መምህር ንተምሃሮኡ ፈለዞፊ ይምህሮም ነበረ። ከምዚ ክብል ከኣ ሓተቶም፦

“እስከ ንኣምላኽ ክዛረብ ሰሚዕዎ ዝፈልጥ፧” በሎም። ኩሎም ተምሃሮ ጸጥ በሉ።

“ጽቡቕ፡ እስከ ንኣምላኽ ከ ተንኪፍዎ ዝፈልጥ፧” በሎም። ኩሎም ተምሃሮኡ ሕጂውን ጸጥ በሉ።

“ግርም፡ እስከ ንኣምላኽ ከ ርእይዎ ዝፈልጥ፧” በሎም። ኩሎም ተምሃሮኡ ሕጂውን ብዘይ መልሲ ጸጥ ኢሎም ሰምዕዎ።

“ስለዚ፡ ሰሚዕኩሞ ኾነ፡ ተንኪፍኩሞ ኾነ፡ ከምኡውን ርእይኹሞ ዘይትፈልጡ ካብ ኮነ፡ ኣምላኽ የለን” በሎም።

ኩሎም ተምሃሮ ንገለ ካልኢታት ጸጥ ኢሎም ሰምዕዎ፡ ዝብልዎ ውን ጠፍኦም። ሓደ ንእሽቶይ ተምሃራይ ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ፡ “ሓደ ሕቶ ንተምሃሮ ክቕርብ ዶ፧” ክብል ንመምህር ፍቓድ ሓተቶ። መምህር ናይ ፈለዞፊ ከኣ ብትዕቢት ርእሱ ብምንቕናቕ ኣፍቀደሉ። ቀጺሉ እቲ ተምሃራይ ንተምሃሮ ሕቶኡ ከምዚ ክብል ኣቕረበ፦

“ሓራይ ተምሃሮ፡ ናይ መምህርና ኣእምሮ ሰሚዕኩምዎ ትፈልጡዶ፧” በሎም። ንሳቶም ከኣ “ኣይፋልናን” በሉ።

“ጽቡቕ፡ ናይ መምህርና ኣእምሮ’ኸ ተንኪፍኩሞ ትፈልጡዶ፧” በሎም። ንሳቶም ከኣ “ኣይፋልናን” በሉ ብሓባር።

“ግርም፡ እስከ ንናይ መምህርና ኣእምሮ ኸ ርእይዎ ዝፈልጥ፧” በሎም። ንሳቶም ከኣ “ኣይፋልናን” በሉ ብሓባር።

“ስለዚ፡ መምህርና ኣእምሮ የብሉን” ክብል ተዛረቦም። በዚ ኸኣ ንሓሳብ እቲ መምህር ኣፍረሶ።

“ዓሻስ ብልቡ፡ ኣምላኽ የልቦን፡ ይብል”
መዝ 14፡1።

እንታይ ንደሊ ኣሎና፧

"የሱስ ከኣ ግልጽ ኢሉ ኽስዕብዎ ኽለዉ ርእዩ፡ እንታይ ትደልዩ ኣሎኹም፧ በሎም።" ዮሃ 1፡38።

"ካብቶም ንዮሃንስ ሰሚያም ንየሱስ ዝሰዓብዎ ኽልተስ እቲ ሓደ እንድርያስ ሓው ስምኡን ጴጥሮስ እዩ። ንሱ ቐድም ንሓዉ ስምኡን ረኸቦ እሞ፤ ንመሲሕ፦ ክርስቶስ ዝትርጉሙ፦ ረኺብናዮ፡ በሎ። ናብ የሱስውን ኣምጽኦ" ዮሃ 1፡40-42።

ኣሕዋተይ ንክርስቶስ እተቐበልና እንታይ ደሊና ኢና፧ ድሌታትና ክማልኣልናዶ ኢና ንክርስቶስ እተቐበልና፧ ብሓቂ ሎሚ እንታይ እዩ ልብና መሊኡ ዘሎ እስኪ ንፈትሽ፧

ክርስትና ንየሱስ ደሊኻ እትስዕቦ ደኣ እምበር ንድሌታትካ ንኽማላኣልካ እትስዕቦ እምነት ኣይኮነን። የሱስ ነዞም ክልተ ደቀ መዛሙርቲ ዮሃንስ ዝነበሩ ሓደ ሕቶ እዩ ኣቕሪብሎም፡ "እንታይ ትደልዩ ኣለኹም፧" በሎም። ንሳቶም ውን ካልእ ኢሎም ኣይመለስሉን "ንሳቶም ድማ፤ ረቢ፦ ትርጉሙ መምህር፦ ኣበይ ሰፊርካ ኣሎኻ፧ በልዎ። ንሱ፤ ንዑ ርኣዩ፡ ኽዑ መዓልቲውን ምስኡ ወዓሉ።" እዞም ደቀ መዛሙርቲ ካልእ ምንም ኣይደለዩን፡ ዝደለይዎ እንተሎ ንየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ እዩ። ንሕና'ኸ ሎሚ "እንታይ ንደሊ ኣለና፧" ምስዓብና እንታይ እዩ ዕላማኡ። ንየሱስ እንተ ደሊና ኼንና ምስኡ ክንውዕል ኢና፡ ክሳብ መወዳእታ ውን ኣይክንወድቐን ኢና። ንድሌታትና ክማልኣልና እንተ ኾይኑ ዕላማና ግና፡ ድሌትና ምስ ረኽብና ንድሕሪት ክንምለስ ኢና።

ገሊኣቶም ንየሱስ ዝስዕብዎ ዝነበሩ ስለ ዝበልዎ እዮም እምበር ካብ የሱስ ተኣምራት ደልዮም ውን ኣይኮኑን። "ኣብ ስግር ባሕሪ ምስ ረኽብዎ ኽኣ፤ ረቢ፡ መኣዝ ናብዚ መጻእካ፡ በልዎ። የሱስ ድማ፤ እትደልዩኒ ዘሎኹምሲ እንጌራ ስለ ዝበላዕኩምን ዝጸገብኩምን ኢኹም እምበር፡ ተኣምራት ስለ ዝርኤኹም ከም ዘይኰንኩም፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ" በሎም ዮሃ 6፡25። እዞም ሰባት ንየሱስ ደልዮም ሃሰው ይብልዎ ነይሮም፡ ረኺቦሞ ከኣ ግና'ኸ ንእኡ ንየሱስ ደልዮም ዘይኮኑስ፡ ስለ ዝበልዎን ስለ ዝጸገቡን እዮም። ኣሕዋተይ፡ ሎሚ ንሕና'ኸ እንታይ ስለ ዝኾንና ኢና ንየሱስ ንደልዮ ዘሎና፧ ስጋዊ ነገራት ስለ ዝተማልኡልና ንየሱስ ንደልዮ እንተሎና ኼንና መወዳእታና ኣይክጽብቐንን እዩ። ድሌታትን ምስ ተማልኣ፡ ብድሕሪኡ ምኽንያት መስዓቢና ከይንስእን ንጠንቀቐ።

ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል "ኣምላኽይ ከኣ፡ ከምቲ መጠን ሃብቱ ብኽብሪ ብክርስቶስ የሱስ

ገይሩ፡ ድሌትኩም ዘበለ ኺመልኣልኩም እዩ" ፊል 4፡19። እዛ "ድሌትኩም" እትብል ቃል እንታይ እዩ ትርጓሜኣ፤ ኣብቲ ናይ ኢንግሊሽ መጽሓፍ ቅዱስ "need" ዝብል ቃል እዩ ተጠቂሙ ዘሎ። እዚ ቃል ከኣ "ዘድልየካ" ማለት እዩ። ሰብ ፊሊጲ ስለቲ ንጳውሎስ ዝገብርዎ ጽቡቕ ግብሪ እቲ ሃብትም ኣምላኽ ከኣ ኩሉ "ዘድልዮም" ከም ዝመልኣሎም እዩ መስኪርሎም። ኣብዛ ጥቕሲ "ከምቲ መጠን ሃብቱ ብኽብሪ ብክርስቶስ የሱስ" ይብለና። እዛ "ብኽብሪ" እትብል ነስተውዕላ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣየናይ ክብሪ እዩ ዝዛረብ ዘሎ፤ እቲ ሰማያዊ ክብሪ፡ እቲ ዶክሳ ማለት ህላውነት ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ፡ ጸጋኡ፡ ሓለዋኡ፡ በረኽቱ፡ ነዚ እዩ ዝብሎም ዘሎ። ሎሚ ህይወትና ነዚ ኽብሪ ኣምላኽ ዝጸምእዶ እዩ፡ ወይስ ነቲ ሓላፊ መግብን ምጽጋብን እዩ ዝደሊ ዘሎ ርእስና ንፈትሽ።

የሱስ ነቶም ዓሰርተ ለምጻማት ምስ ፈወሶም ካብቶም ዓሰርተ ከምስግን ዝተመልሰ ሓደ ጥራይ እዩ። እቶም ትሽዓተ ፈውሶም ሒዞም ነናብ ዋኒኖም እዮም ከይዶም። "ካባታቶም ሓደ ኺኣ ከም ዝሐወየ ምስ ረኣየ፡ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ንኣምላኽ እናኣመስገነ ተመለሰ። እናኣመስገኖ ኺኣ ኣብ እግሩ ብገጹ ተደፍኤ። ንሱ ኺኣ ሳምራዊ እዩ። የሱስ ግና፤ ዝነጽሁስ ዓሰርተ ደይኮኑን፤ እቶም ትሽዓተ ደኣ ኣበይ ኣለዉ፤ ሉቃ 17፡15። እቲ እንደልዮ ምስ ረኽብና ካልእ ዝዓበየ ነገር ዘድልየና ከም ዘሎ ከነስተውዕል ይግብኣና። ንሱ ኺኣ ንህይወትና የሱስ የድልየና። ንእኡ ክንስዕብ ከሎና ድሌትና ካልእ ዘይኮነስ፡ ንየሱስ ደሊና ንስዓብ።

ቀደም ኣብቲ ንኣሽቱ ከሎና፡ ኣብ እንዳ መድሃኔ ኣለም ጽቡቕ ናይ ህጻናት ትምህርቲ ንምሃር ነበርና። ሓደ ጊዜ እቲ ዝምህረና ከምዚ ክብል ሓተተና "እስኪ ናብ ቤተ ክርስትያን እንታይ ደሊኹም ኢኹም መጺእኩም፤" ንሕና ከኣ መብዛሕትና "ቃል ኣምላኽ ክምሃር" እናበልና ንምልሰሉ ነበርና። ንሓንቲ ጓል ከኣ ንስኺ'ኺ በላ። ንሳ ኺኣ "ኣነ ድኣ ጸጉረይ ክነውሓለይ" በለቶ። ዘገርም እዩ፡ ሓቂ ምዝራባ ጽቡቕ እዩ። ግናኺ ንድሌታ እትነብር እያ ነይራ ማለትዩ።

ብሓቂ ሎሚ እምበኣር ንየሱስ ደሊና ንመላለስ። ሃዋርያ ጳውሎስ "ብዘይ የሱስ ክርስቶስ፡ ንሱ ኺኣ እቲ እተሰቕለ፡ ሓደ ነገር እኳ ኺም ዘይፈልጥ መደብኩ" ይብለና። ድሌትና እንታይ ኮን እዩ፤

ሓንቲ ናይ መወዳእታ ጥቕሲ ክህበኩም፡ ኣሳፍ መጀመርታ ንድሌቱ እዩ ዝነብር ነይሩ፡ ስለ ዝኾነ ኺኣ ራህዋ ረሲኣን ምስ ረኣየ ንደፋራት ቀኒእሎም። ረሲኣን ኩል ጊዜ ሃዲኦም ይነብሩ ኢሉ ኺኣ ሃብቲ ይውስኹ ኣለዉ በለ። ነቲ ናቶም ድሌቶም ምግባሮም ብሂግዎ። ከም ሕልሚ ድሕሪ ምንቃሕ ግን ሓንቲ ዓባይ ምግላጽ ረኸበ "ኣብ ሰማይ ብጀካኻ መን ኣሎኒ፤ ንኣኻ ኻብ ረኽብኩስ፡ ኣብ ምድሪ ዝደልዮ የብለይን።" መዝ 73፡25፡ ብምባል ካብ ድሌቱ ወጸ፡ ናብ ድሌት ኣምላኽ ውን ኣተወ። ክብሪ ኣምላኽ ከኣ ረኸቦ "ንኣይ ግና ናብ ኣምላኽ ምቕራብ ይሔሸኒ፡ ኩሉ ተግባራትካ ምእንቲ ኽዘንቱስ፡ እሙንቶይ ናብ እግዚኣብሄር ገበርኩ" በለ፡ መዝ 73፡28። እምበኣር ኣሕዋተይ ሎሚ ናብዚ ክብሪ ኣምላኽ ክንኣቱ ናብኡ ንቕረብ። ናብ ፍጹም ፍቓዱ ከእትወና ንድሌታትና ሓዲግና ንሶይታ ካብኻ ናበይ እሞ ክንከይድ ኢና፡ ስጋናን ልብናን ኣኳ እንተ ማህመነ ኣምላኽ ንዘለኣለም ከውሒ ልበይን ክፍለይን እዩ፡ ንበል። --ሻሎም--



ክርስትናን ቲቪን

“ግናኸ ንነገር ቅለትን ንዕላል ኣንስትን ካባኻ ኣርሕቆ። ንርእስኻ ግና ኣምልኾ ኣልምዳ” 1ጢሞ 4፡7።

ኣብዚ ቃል፡ ንርእስና ሓደ ነገር ከነለማምዳ “Exercise” እዩ ዝምህረና። ንሱ ኸኣ ኣምላኾ “godliness” ኢልዎ ኣሎ። ኣብ ክርስትና እውን እንተኾነ ኩሉ ይውሃበካ ማለት ኣይኮነን። ገሊኡ ብምልምማድ “exercise” እተምጽኦ ወይ እትረኽቦ ነገር ኣሎ። ብዙሓት ሰብ ኩሉ ውሁብ ኮይኑ እዩ ዝመስሎም፡ ምኽንያቱ ንሕና ሰባት ጻዕሪ ዝበሃል ኣይንፈቱን ኢና። ኣብዚ ቃል ዝነግረና ዘሎ ግና፡ ንርእስኻ ኣምልኾ ኣለማምዳ ይብለና። ስለዚ ነፍስኻ ከም ዘልመድካያ ምኳና ኣይንዘንግዕ። ንነገር ቅለትን ሓሶት ዝኾነ ዕላል ኣንስቲ ሓዲግና ዝበለጸ ነገር ክንለማመድ ይነግረና።

ሎሚ ኣብዚ ጊዜና ንሰብ ከም ዕላል ኣንስቲ -ዘሀውትቶ- ዘሎ ነገር እንታይ ኮን እዩ፤ ቀደም ዲሲፕሊን -ዓቕሊ- ዘሎና ሰባት ነበርና፡ ምስ ጐይታ ናይ ጽሞና ጊዜ ነበረና። ቃል ኣምላኽ ከነንብብ ከይሰልከየና ኮፍ ኢልና ብዲሲፕሊን ነንብብ ነበርና። ነሕዋት ክንበጽሕ ጊዜ ነበረና። ንኽንጽሊ ጊዜ ነበረና። ሎሚ ግና እዚ ኹሉ ጽቡቕ ልማድና ጠፊኡ ናብ ነገር ቅለት ኣቢልና ኣሎና። ብፍላይ ድማ ሰብ ሓዳር ኣብ ቅለት ኣቲና ዘሎና ንመስል። ነዚ ቀንዲ ምኽንያት ወይ ጠንቂ ኮይና ዘላ ሓንቲ ነገር እያ። ንሳ ኸኣ ቴሌቪዥን እያ። ብሰሪ ቴሌዥን ብዙሓት ክርስትያናት ንናይ ንባብ ጊዜና ሓዲግና ኣሎና። ናይ ጸሎት ጊዜና እሞ ኸኣ ረሲዕናዮ ኣሎና። ንምንቕቓሕ ኮነ ንሓድሕድና ንፍቕሪ ዝኸውን ምብህሃል ከኣ ጠሪሹ ጠፊኡ ካባና፡ ዕላልና ምስ ቴሌቪዥን ኮይኑ ይርከብ።

ቀደም ካብ ኢድና መጽሓፍ ኣይንፈልን ነበርና፡ ብፍላይ መጽሓፍ ቅዱስ። ሎሚ ኸኣ ዘገርም እዩ፡ ካብ ኢድና ሓንቲ ነገር ኣይንፈልን ኢና፡ ንሳ ኸኣ ሪሞት -Remote Control- እያ። ካልኣይታ ኸኣ፡ ሞባይል እያ። እዘን መሳርሒ ኸኣ ንኹሉ ጊዜና ሒዘንኦ ይርከባ። ሓደ ዶክተር ፍጹም ዝበሃል ናይ ኣምላኽ ሰብ ቀደም ኣብ ቤተ ክርስትያን ከምዚ ክብል ሰሚዐዮ “ኣነ ኣብ ቤተይ ቴሌቪዥን ኣይገዝእን እየ” ይብል ነበረ። እቲ ምኽንያት ንኹሉ ጽቡቕ ነገርካ ወሲዳ ጥራሕካ ከም እተትርፍ ስለ እተረድኣ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ እዋን ናብ ሓደ ቤት ክበጽሕ ከድኩ። እቶም ቤት ኣመንቲ ክርስትያናት➔

እዮም። ኩዕሶ ወሊያም እዮም ዝርእዩ ነይሮም። እቲ ኣቦ ምስ ወዱ ብዛዕባ ኩዕሶ ቸልሲ፡ ኣርሴናል፡ ማን ዩናይትድ፡ ቶተንሃም ይብል ነበረ። እቲ ወዱ ንኹሎም ተጻወትቲ ብቓሉ እዩ ዝፈልጦም። ነዞም ገዛ ከዋርዶም ስለ ዝደለኹ ዘይኮነስ ገለ ነገር ክንምሃር ስለ ዝደለኹ እየ። ኣብቲ ገዛ ቲቪ ዝርእይሉ ቦታን ሰፊሕ ሳሎንን ኣለዎም፡ ናይ መንበቢ ኮነ ናይ መጸለይ ቦታ ግና ንእሽቶይ ትኹን ውን የብሎምን። ሓደ ነገር ተማሃርኩ፡ ኣነ ጽባሕ ንግሆ ወደይ ምስ ዓበየ ከምዚ ኢለ ጥራይ ብዛዕባ ኩዕሶ ከየዕልል በጃኻ ጐይታ ሓልወኒ፡ በልኩ። ምኽንያቱ እታ ቴሌቪዥን ካልእ ብሉጽ ነገር ከይንዛረብ ዓጊታ ብዛዕባ ኣብ ዝመጽእ ጊዜ መን ምስ መን ከምትገጥምን መን ከም እትስዕርን ክንዘራረብ ጌራ ነቲ ብሉጽ ነገር እትምንጥል ሓደገኛ መሳርሒት ምኻና ተረዳእኩ።

ሓንቲ ውን ክውስኽ ፍቕዱለይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ ሓደ ኣገልጋሊ ጐይታ ኩዕሶ ጸወታ ምርኣይ ከይሓልፎ ቦታ ከይመልእ እናተቕላጠፈ ናብ ሲነማ ክስጉም ረኽብክም፡ ኣዝዩ ገሪሙኒ። ኣብዚ ውን ሓደ ሓሳብ መጺኡኒ፡ እዋይ ከምዚ ኢልና ተዛኒና ከሎና ምጽኣት ጐይታ እንተኾይኑሲ፡ ጐይታ ካብ ኩዕሶ ምርኣይ ድዩ ክወስደና ማለት፧ ኣሕዋተይ ንርእስና እንታይ ኮን ኢና ኣለማሚድናያ ዘሎና፧

ሓንቲ ሕጹ እንተዝሓትት ምስሓቕኩኒ ኔርኩም፧ እስከ ኣብ ቤትኩም ቲቪ ዘይብልኩም፧ ዘስሕቕ እዩ ምኽንያቱ ኣብዚ ጊዜ ቲቪ ኣለኩምዶ ምባል ከም ድሑር ዝውሰደካ ብምኻኑ። ናይ ንባብ ጊዜ ዘለኩም ከ፧ እንተ ዝብል ግና ማንም ኣይምሰሓቕንን። እስኪ ንሰሙን ክንደይ ሰዓት ቴሌቪዥን ከም እንዕዘብ ነስተውዕሎ። እንታይ ክንብል ንውዕል ኣሎና፧ EBS, MBC2, Fana TV, Kana, J TV, etc. ክንብል ንውዕል ኣሎና። ኣቤት እንድዒ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ኮነ ሃዋርያ ጴጥሮስ ወይስ ሃዋርያ ዮሃንስ፡ ኣብዚ ጊዜና እንተዝህልዉ፡ ካብ ነገር ቅለትን ዕላል ኣንስትን ጥራይ ኢሎም ሱቕ ኣይምበሉን፡ ካብ ዝተፈላለየ ዘይረብሕ ቻነላት ውን ምበሉ ይኾኑ።

እዘን ቻነላት ጥራይ ኣይኮነን፡ ኩለን ናይ መንፈሳዊ ቻነላት ውን እንተኾነ፡ እዚ እንብሎ ዘሎና ይምልከተን እዩ። መን እዩ ብርዕን ጥራዝን ሒዙ ነቲ ኣብ ቻነላት ዝውሃብ ምህሮ ዝጽሕፎ ወይ ውን ብፍሉይ ዝከታተሎ። ክንፈልጦ ዘሎና እቲ ናይ መንፈሳዊ ቻነላት ውን ንናይ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስና ወይ ንናይ ጸሎት ጊዜና ዝሻሞ ክኸውን ይብሉን። ንሱ ውን እንተኾነ ብመደብ ደኣ እምበር ኣብ ዝመጻእካሉ ከም መዘናግዒ ኪኸውን የብሉን። ምኽንያቱ ኣምላኽ ዓቢ እዩ፡ እናተዘናጋዕካ ኣይኮንካን ብዛዕባ ኣምላኽ እትርኢ። ብፍርሃት ኪኸውን ይግብኣ። ኣየ'ወ ቀደም መጽሓፍ ቅዱስ ከነንብብ ከሎና ብንብዓት ነንብቦ ነበርና፡ ሎሚ ግና ሓይሉ ካባና ርሒቑ፡ ናይ ምዝንጋዕ ክርስትያናት ኮይንና ተሪፍና። እረግ ንመለስ፡ ደቅና ከማና➔

ከይኾኑ። ንርእስና ንፍረድ፡ ንርእስና ንገስጽ፡ መወዳእታ ቐሪቡ እዩ ርእስኹም ግትኡ፡ ንጸሎት ንቕሑ እዩ ዝብል ቅዱስ ቃሉ።

ክቡራት ኣሕዋት፡ እስከ ኣብዛ ጀሚርናያ ዘሎና 2019 ካብ ዘንበብናዮ መጽሓፍ ሓንቲ ኣርእስቲ ክንጠቅስ ንኽእልዶ፤ ናይ ጸሎትን ጾምን ጊዜ ዝወሰድናሉ ዕለት ከ ክንጠቅስ ንኽእልዶ፤ ከመይ ደኣ ቻነላት ክንቀያይር ሰዓታት ዝወስደልና፤ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣቦን ወድን ተባኢሶም፡ ሪሞት remote ኣነ እየ ዝሕዛ ኣነ ዝደልዮ ቻነል እዩ ዝውላዕ፡ እናበሉ ተባኢሶም ይብሃል። ዘሐዝን እዩ። ከምዚ እንኽዶ ዘሎና እንተ ቐጺልና፡ ጽባሕ ንግሆ ደቅና ንኣና ኣብ ሓደ ክፍሊ ዓጽዮም፡ ንሳቶም ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሎም ቲቪ ክርእዩ እዮም። ኣምላኽ ይሰውረና። ስለዚ ንወለዲ ዝኽውን ምኽሪ ክንህብ፦

1. <u>ወለዲ ንገዛእ ርእሶም ኣርኣያ ይኹኑ።</u>

እቲ ዝዓበየ ንደቅና ትምህርቲ ኪኾኖም ዝኽእል፡ ወለዲ ኣርኣያ ኪኾኑ ከለዉ እዩ። ጐይታ ንደቀ መዛሙርቱ ኣርኣያ እናኾኖም ንስኻትኩም ውን ከምዚ ግበሩ እናበለ ትሕት ኢሉ ኣእጋሮም ሓጸቦም፡ ኮታስ ብኽሉ ኣርኣያ ኾኖም። ስለዚ ወለዲ ብፍላይ ኣቦ፡ ቲቪ ዓጽዩ፡ ኮፍ ኢሉ መጽሓፍቲ ክንብብ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ክንብብ ይግብኣ። እዚ ኽኣ ንውሉዳት ዓቢ ትምህርቲ ኪኾኖም እዩ።

2. <u>ወለዲ ንደቆም መደብ ኪገብሩሎም ይግባእ።</u>

ቲቪ ኣይትርኣዩ ወይ ጸረ ስፖርት ዘይኮንና፡ ግና ኩሉ ብመደብ ኪኸውን ይግባእ። ከም ሓቂ ቲቪ ምራኣይ ስፖርት ምርኣይ ሓንቲ ጊዜ ኣብ ሰሙን እኽል እዩ፡ እዚ ውን ሰንበት ናይ ምሸት። ኣብ ካልእ ጊዜ ናይ ትምህርቲ እንተ ዘይኮይኑ ቲቪ እንተ ዘይተኸፍተት ኣዝዩ ምኽሪ ዘለዎ ኣገባብ እዩ። ነዚ እንብሎ ዘሎና ውጽኢታዊ ምኽኑ ንምርግጋጽ፡ ንሓንቲ ሰሙን ንፈትኖ፡ ውጽኢት እንተ ረኺብናሉ ከኣ ንቐጽሎ።

3. <u>ወለዲ ምስ ደቆም ናይ ምብህሃል ሃዋሁ ይፍጠሩ።</u>

ሰብኣይን ሰበይትን ንሓድሕዶም ናይ ምብህሃል ጊዜ -communication time- ክህልዎም ከም ዝግብኦም ርዱእ ኮይኑ፡ ምስ ደቆም ከኣ ናይ ምብህሃል ህዋሁው ጊዜ ክምድቡ ይግብኦም። ነዚ ንምግባር ከኣ ቀዳማይ ስጉምቲ ቲቪ ምዕጻው እዩ። ሎሚ ጸረ ምብህሃል ኮይና ዘላ ቲቪ እያ። ቲቪ ንናይ ምብህሃል ጊዜ እትወስድ መሳርሒት እያ። ስለዚ ነዚ ንምግባር ቲቪ ትትዓጸ።

4. <u>ወለዲ ኣመት ደቆም ይግበሩ።</u>

ሰብኡት ናብ ቤቶም ኣትዮም ተቐዳዲሞም ሪሞት ዝሕዙ ሒደት ኣይኮኑን። ቅድም ቀዳድም ግና፡ ጥራውዝቲ ደቅኻ ሓደ ብሓደ እናገንጸልካ፡ ንደቅኻ እናሓተትካ፡ ኣመቶም ክትገብር ይግብኣካ። ነዚ ንምግባር ቀሊል እዩ፡ ቲቪ ምዕጻው ጥራይ እዩ እቲ መገዲ። ቲቪ ተኸፊታ ከላ ነዚ ኽትገብር ኣይክኣልን እዩ!

5. <u>ወለዲ፡ ነዚ ንምግባር ለይትን ቀትርን ጻዕሪ የድልዮም።</u>

ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፡ ርእስና ከም ዘለማመድናያ እያ። ስለዚ ነዚ ምንግባር ለይትን ቀትርን ጻዕሪ ክሓተና እዩ። ብዙሕ ምስ ጸዓርና ኢና ናብዚ እንበጽሕ። እግዚኣብሄር ይሓግዝ። ኣምላኽ ይባርኽኩም።

ሃናጺ ኾነ ነቐፌታ ርእይቶ እንተ ኣለኩም ወይ ሕቶ እንተለኩም ብኢመይልና ክትጽሕፉልና ይክኣል እዩ።

ጐይታ ይባርኽኩም
ሻሎም
hibretchristians@gmail.com

ዓምዲ ትምህርቲ

ብልጽግና ወይስ ብጽእና፤

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ወንጌል ብልጽግና እንታይ ይብል፤ ኢልና ክንሓትት ቅኑዕ እዩ።

እስኪ ቅድሚ ናብቲ ቀንዲ መግለጺ ምሕላፍና እዞም ሰዓረን ክብሮምን ዝተባህሉ ኣመንቲ ቃል ኣካፍሉና ምስተባህሉ ዝበልዎ ንርኣ።

ሰዓረ = "ንስኻ ኩሉ ሳዕ ሰዓሪ ኢኻ፡ ፈተና ወይ መከራ ዝብሃል ኣይክገጥመካን እዩ፡ ኣብ ህይወት ብዙሕ ክትገዝእ ኢኻ፡ እዚ ፋይናንሳዊ ብልጽግና ማለተይ እዩ፡ ምንም ኣይክትስእንን ኢኻ፡ ብገንዘብ ጸብለል ክትብል ኢኻ፡ ምስኣን ዝብሃል የለን እናወሰኽካ ክትከይድ ኢኻ፡ መከራ ወይ ጸበባ ዝብሃል ኣይክገጥመካን እዩ፡ ንኣኻ ዘይከኣለካ የለን፡ ኣረግ ኣይክትመውትን ኢኻ"።

ክብሮም = "ንኽብሪ ጐይታ ንድለይ፡ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎና፡ ግናኸ ጐይታ ምሳና እዩ፡ ክሳብ መወዳእታ ንጽናዕ፡ እቲ ደጋዊ ሰብና እኳ እንተ በስበሰ ውሽጣዊ ሰብና ግና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ እዩ፡ ምግባት ንብረትኩም እኳ እንተ ገጠመኩም ኣጆኹም ነቲ ብዙሕ ዓስቢ ዘለዎ ትብዓትኩም ኣይትደርብይዎ፡ ምርካብ ኮነ ምስኣን ኩሉ ንፈልጥ ኢና፡ ሕጂ ግና ንኹሉ ፈተናና ኣብ ጐይታ እናተወከልና፡ ብኹሉ ክሳብ መወዳእታ መስቀልና ንጹር - ኣረግ ክሳብ ሞት እሙናት ንኹን ኣኽሊል ህይወት ከኣ ጐይታ ክህበና እዩ"።

ኣየናዮም ኮን እዩ ሓቂ፤ ሰዓረ ወይስ ክብሮም፤ እዚ ዝረኣናዮ ምሳሌ ንመግለጺ እዩ። ብዙሓት ነዚ ከም ናይ ሰዓረ ዝሰብኩ "ናይ ብልጽግና ወንጌል Prosperity Gospel" ይብልዎ። ነቲ ከም ናይ ክብሮም ዝሰብኩ ኸኣ "ወንጌል መስቀል - Cross Gospel" ኢሎም ይጽውዕዎ። ሓሳብና መግለጺ ንኪኾነና ከኣ በዚ ኣስማት እዚ ክንጽውዖ ኢና።

ኣብቲ ናይ ወንጌል ብልጽግና ዝብሃል ስብከት፡ እቶም ኣመንቲ ንኣምላኽ ክጥቀምሉ እዮም ዝንገሮም። መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ ግና ብኣንጻሩ እዩ - ኣምላኽ እዩ ንኣመንቲ ዝጥቀመሎም። ኣብቲ ናይ ብልጽግና ዝምህሩ - መንፈስ ቅዱስ ንፍቓድ ኣማኒ ንኽፍጸም ዝዓዱይ ኣካል እዩ ኢሎም ይምህሩ። ግና ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ፡ መንፈስ ቅዱስ ንፍቓድ ኣምላኽ ክትገብር ዝዓዱይ ኣካል እዩ። እዚ ናይ ብልጽግና ወንጌል ሕጂ ዝመጸ ዘይኮነ ካብ ቀደም ኣብ ጊዜ ሃዋርያት ውን ከይተረፈ ተመሳሳሊ ምህሮ የሸግሮም ኔሩ እዩ። ንኣታቶም ከኣ ኣምልኾ መገባብሮ ረብሓ ዝመስሎም እናበሉ ገሊጾሞም እዮም።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ጢሞ 6፡5 ዝበሎ ቃል "እዚኣቶም ኣምልኾስ <u>መገባብሮ ረብሓ</u> ኸም ዝኾነ እዩ ዚመስሎም። ግናኸ ኣምልኾ ምስ ይኣኽለኒ ምባል ዓብዪ ረብሓ እዩ" ይብል። ኣብ ፍቕዲ 9-11 ከኣ "እቶም ኪህብትሙ ዚደልዩ ግና ኣብ ፈተናን መፈንጠራን፡ ኣብ ብዙሕ ንሰብ ናብ

ምብራስን ጥፍኣትን ዜስጥሞ ናይ ዕሽነትን ጉድኣትን ትምኒት እዮም ዚወድቁ። እቲ ፍቕሪ ገንዘብሲ ሱር ኵሉ ኽፍኣት እዩ እሞ፡ ገሊኦም ንእኡ እናተመጣጠሩ ኻብ እምነት ዘምበሉ፡ ናብ ርእሶምውን ብዙሕ ስቓይ ኣምጽኡ" ይብለና ቅዱስ ቃሉ።

እዞም ብፍቕሪ ገንዘብ ኣእምሮኦም ዝተበላሸወ ሰባት፡ ናብ ዕሽነትን ጉድኣትን ትምኒት እዮም በጺሖም። እዚ ፍቕሪ ገንዘብ ተብሂሉ ዘሎ ካብ እምነትካ ዘዘምብል ምኻኑ ልቢ ንበል። ናይ ኣምልኾ ዕላማ ገንዘብ ነይሩ እንተዝኸውን የሱስ ውን ምስዓቦ ነይሩ። ከምኡ ግና ኣይኮነን፡ ኣብዛ ምድሪ የሱስ ንርእሱ ዘንብረላ ስፍራ ዘይብሉ ኪኸውን መረጸ (ማቴ 8፡20)። ንደቀ መዛሙርቱ ኸኣ ከምኡ ክኾኑ መሃሮም። "የሱስ ድማ፡ ንወኻሩ ጉድጓድ ኣለወን ነዕዋፍ ሰማይ ድማ ዜጽልላሉ። ንወዲ ሰብ ግና ርእሱ ዜጸግዓሉ እኳ የብሉን፡ በሎ"። ክንዝክሮ ዘሎና፡ እቲ ሓደ ብዛዕባ ብልጽግና ዝግደስ ዝነበረ ወደ መዝሙር ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ጥራይ ምኻኑ እዩ።

ቃል ኣምላኽ "ስስዐ ንሱ ድማ ኣምልኾ ጣኦት እዩ" ይብሎ፡ ኤፌ 5፡5። ንኣመንዝራ ወይ ንስስዐ ኸኣ ከነርሕቕ ከም ዘሎና ቃል ኣምላኽ ይነግረና። (ኤፌ 5፡6-7)። እቶም ናይ ብልጽግና ምህሮ ዝምህሩ ሰባት፡ ንኣምላኽ ብፍቕዱ ከይሰርሕ ይኽልክልዎ። እዚ ማለቶም፡ ኣምላኽ ናይ ኩሉ ጐይታ ከምዘይኮነ ይወስድዎ። ምኽንያቱ ይብሉ ንሳቶም፡ ንኣምላኽ ክሳብ ክሰርሕ ዘይፈቕድናሉ ኣይሰርሕን እዩ፡ ይብሉ። ንናይ ብልጽግና ወንጌል ሰበኽቲ፡ እምነት ንኣምላኽ ተማሪኽካ ምውካል ዘይኮነስ፡ እምነት ከም ቀመር -formula- እያ ንኹሉ ንነገር ብእኣ ኪኻ ትገዝኡ፡ ይብሉ። እምነት ካብቲ ኣብ ኣምላኽ ምውካል ንላዕሊ፡ ብመጠን ብቃልና እንብሎ እዩ፡ ይብሉ።

እቶም ኣሕዋትና ሰበኽቲ ናይ ብልጽግና ወንጌል ዝፈትዉዋ ኣበሃህላ "ኣወንታዊ ኣዋጅ - positive confession" እትብል እያ። እዚ ኣበሃህላኡም ከኣ፡ ቃላት ብገዛእ ርእሶም ናይ ምፍጣር ሓይሊ ኣለዎም፡ ይብሉ። እቲ ብቓላትካ ከይተወላወልካ እትእውጆ ንኹሉ ነገርካ እዩ ዝውስኖ፡ ይብሉ። ነቲ ካብ ኣምላኽ እትደልዮ፡ ብቓላትካ ብምእዋጅካ ክትረኽቦ ኢኻ፡ ይብሉ። ብእኡ ኸኣ ኣምላኽ ክምልስ እዩ፡ ነቲ ሰብ ዝደለዮ ኣምላኽ ይፍጽሞ፡ ይብሉ። በዚ ኣበሃህላኡም፡ ክኣልነት ኣምላኽ ንኽባርኸና፡ ኣብ እምነትና እዩ ዝውከል ማለቶም እዩ። ግናኸ ቃል ኣምላኽ "እስኪ ሕጂኸ ንስኻትኩም፡ ሎሚ ወይስ ጽባሕ ናብታ ኸተማ እቲኣ ንኺድ እሞ ኣብኣ ዓመት ንግበር፡ ክንነግድን ክንረብሕን ኢና፡ እትብሉ፡ ንስኻትኩም ነቲ ጽባሕ ዚኸውን ኣይትፈልጥዎን ኢኹም። ህይወትኩም ደኣ እንታይ እያ፧ ንቕሩብ ጊዜ ተርእያስ፡ ደሓር ዚበንን ትኪ ኢኹም። ጐይታ እንተ ፈቐዱ፡ ንሕናውን እንተ ኣሊና፡ እዚ ወይስ እቲ ክንገብር ኢና፡ ኣብ ክንዲ ምባልሲ፡ ሕጂ ግና ብምጅሃርኩም ትምክሑ ኣሎኹም። ከምዚ ዝበለ ኵሉ ትምክሕቲ ኽፉእ እዩ" ያእ 4፡13-16። እዚ ኸኣ ምስቲ ዝብልዎ ዝጻረር እዩ። ስለ ብቓላትካ እተዛረብካ ወይ ዝኣወጅካ ዘይኮነ ዝኾነልካስ፡ ጽባሕ ዝኸውን ውን ኣይንፈልጥን ኢና፡ ብህይወት ክንጸንሕዶ ኢና ወይስ ኣይንጸንሕን ኣይንፈልጥን ኢና።

መጽሓፍ ቅዱስ፡ ናብ ኣገዳስነት ሃብቲ ከነተኩር ዘይኮነ ዝምህረና፡ ንእኡ ክንረክብ ክንመጣጠር ዝረኽበና ጥፍኣት እዩ ዝምህረና። ኣመንቲ፡ ብፍላይ ኣገልገልቲ ካብ ፍቕሪ ገንዘብ ክጥንቀቑ ከም ዘለዎም እዩ ዝምህረና ቅዱስ ቃሉ። "እቲ ኤጲስቆጶስ፡ . . .ዘይሰክር፡ ዘይዋቻዕ፡ ግናኸ ልኡም፡ ዘይብኣስ፡ ፈታው ገንዘብ ዘይኰነ" ይብለና 1ጢሞ 3፡3፡ ከምኡውን ኣብ እብ 13፡5 ከኣ "ንሱ ባዕሉ፡

ኣይክሐድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይብለካን እዩ፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ ንብረትኩም ብዘይ ፍቕሪ ገንዘብ ይኹን፡ በቲ ዘሎኹም ዕገቡ” ይብለና። ፍቕሪ ገንዘብ ናብ ብዘሎ ክፍኣት እዩ ዝወስደና፡ “እቲ ፍቕሪ ገንዘብሲ ሱር ኩሉ ኽፍኣት እዩ እሞ፡ ገሊኣም ንእኡ እናተመጣጠሩ ኻብ እምነት ዘምበሉ” እዩ ዝብል 1ጢሞ 6፡10። ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ውን “ህይወት ሰብ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኰነትን እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ካብ ኩሉ ስስዓ ኽኣ ርእስኹም ሐልዉ” ይበልና፡ ሉቃ 12፡15።

ነዘን ቃላት ብትኽክል ምስቲ ናይ ብልጽግና ወንጌል ዝብሃል እንተ ኣነጻጺርናዮ፡ ተጻራሪ እዩ። ኣብቲ ናይ ብልጽግና ወንጌል፡ ንምድላብ ገንዘብ ብዙሕ ኣድህቦ ክውሃቦን ብዛዕባ እዛ ምድራዊት ህይወትን እዮም ዝሰብኩ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ግን “መዝገብካ ኣብ ዘለዎ፡ ኣብኡ ድማ ልብኻ ኣሎ። ስለዚ ብልዒ ኣብ ዘይበልዖ፡ ነቕዝ ኣብ ዘየንቅዞ፡ ሰረቕቲ ኹዒቶም ኣብ ዘይሰርቕዎ ኣብ ሰማይ ደኣ መዝገብ ግበሩ እምበር፡ ብልዒ ኣብ ዚበልዖ፡ ነቕዝ ኣብ ዜንቅዞ፡ ሰረቕቲ ኹዒቶም ኣብ ዚሰርቕዎ ኣብ ምድሪ ንኣኻትኩም መዝገብ ኣይትግበሩ” ይበልና፡ ማቴ 6፡19።

እምበኣር እቲ ናይ ብልጽግና ወንጌልን እቲ ናይ ጐይታ ወንጌልን ብዝበለጸ በዛ ጥቕሲ ክድምደም ይክኣል=

“ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይኰነልኩምን እዩ” ማቴ 6፡24።

እዚ መብርሂ ኣብዚ ክብቅዕ ዘይኮነ ኣብ ዝመጽኣ ጊዜ ክንቅጽሎ ኢና። ኣምላኽ ይባርኽኩም።

--ሻሎም--

5 ስሕተት ናይ ብልጽግና ወንጌል

ቻርለስ ስፐርጀን ዝተባህለ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ “ዘኾነ ክርስትያን ሃብቲ ክድልብ ዕላማ ጌሩ ዝነብር እንተሎ፡ ጸረ ክርስትናን ዘይቅዱስን ምኽኑ ይኣምን። ከምዚ ክትብሉ ዝከኣል እዩ “ብዝክኣለና ጻዕሪ ክንዲ ኹሉ ገንዘብ ክንረክብ ክንጽዕር የብልናን ዶ እዩ፧ በዚ ጥርጥር የለን ግና እቲ እቲ እትገብሮ ጻዕሪ ንምኽንያት ንኣምላኽ ንምግልጋል ኪኸውን ኣለዎ። ኣነ ዝብል ዘለኹ ግና፡ ሃብቲ ክትድልብ ኢልካ ዕላማ ምግባርሲ ጸረ ክርስትና እዩ” ።

እምበኣር ናብተን ነጥብታት ንሕለፍ፦

1. ኪዳን ኣብርሃም ናይ ነገራዊ -material- መሰል ዝህበና እዩ፡ ይብሉ።

   ኪዳን ኣብርሃም ሓደ ካብ መሰረት ስብከት ናይ ብልጽግና ወንጌል እዩ። ኣምላኽ ንኣብርሃም ክባርኾ ኪዳን ኣትዩሉ እዩ፡ ንሕና ኣመንቲ ከኣ ደቂ ኣብርሃም ኢና፡ ስለዚ ተኻፊልቲ በረኹቱ ኢና፡ ይብሉ። እዚ ግና ሓደ ዓቢ ስሕተት እዩ፡ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝኣተወሉ ኪዳን ናይ ማተሪያላዊ (ነገራዊ) ኪዳን ኣይኮነን። እቲ ኪዳን በረኹት ክርስቶስ ደኣ እምበር ናይዛ ዓለም ምድላብ ሃብቲ ዘእተወ ኪዳን ኣይኮነን።
2. ብየሱስ ዝረኹብናዮ ምድሓን ንሓጢኣት ማተሪያላዊ (ነገራዊ) ድኽነት ዘርሕቕ እዩ።

   ናይ ብልጽግና ወንጌል ሓደ ካብቲ ቀንዲ ስሕተቱ፡ ንህይወት የሱስ ኣብ ግምት ዘየእቱ ብምኽኑ እዩ። ስም ክንጠቅስ እኳ ብዙሕ ኣድላይነቱ እንተ ዘይተራእየና፡ ንኣብነት ጆን ኣቫንዚዚ -John Avanzizi- ኣብ TBN ዝተባህለ መደብ፡ “የሱስ ብሉጽ ቤት ነበሮ፡ ዓቢ ቤት፡ ብዙሕ ገንዘብ ነበሮ” ብምባል “ብሉጽ ቅዲ ኽዳን ውን ይኽደን ነበረ” ክብል ተዛረበ። እዚ ኽኣ ንህይወት ክርስቶስ ክሳብ ክንደይ ከም ዝጠውይዎ ዘርእይ እዩ። ንሞት ክርስቶስ ውን ዘይተገንዘቡ ሰባት እዮም። ➔

ሓደ ካብ ስሕተቶም፡ ነቲ ኣብ 2ቈረ 8፡9 ዘሎ ቃል ብጌጋ ምርኣዮም እዩ። እቲ ቃል “ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ትፈልጡ ኢኹም እሞ፡ ንስካትኩም ቦቲ ድኽነቱ ምእንቲ ኽትህብትሙ፡ ሃብታም ክነሱስ፡ ምእንታኻትኩም ደኸየ” ይብለና። ነዛ ጥቕሲ ብዘይ ዕምቈት እንተ ኣንበብናያ፡ ጳውሎስ ብዛዕባ ሃብቲ ዝዛረብ ዘሎ ክመስለና ይኽእል እዩ። ነቲ ምሉእ ሓሳብት -contextual- እንተ ረኣናዮ ግና፡ ብኣንጻሩ ኮይኑ ኢና እንረኽቦ። ጳውሎስ ንሰብ ቈረንቶስ ዝምህሮም ዘሎ፡ ክርስቶስ የሱስ ንኹሉ ስለ ዝፈጸመልኩም፡ ንሳቶም ውን ንዘለዎም ዘበለ ኩሉ ክሓድጉ ፍቓደናታት ኪኾኑ እዩ ዝምህሮም ዘሎ። ስለዚ እዩ ኽኣ ድሕሪ ሓሙሽተ ፍቕድታት ንብክርስቶስ ኣሕዋቶም ክብሉ ንዘለዎም ሃብቲ ክህቡ ዝምዕዶም “ከመዮ፣ ብዙሕ ዝኣከበ ኣየትረፈን፡ ሒደት ዝኣከበውን ኣየጕደለን፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ ኣብዚ ዘመን እዚ ሕጂ እቲ ተረፍኩም ነቲ ጐደሎኦም ኪምልእ፡ እቲ ተረፎም ከኣ ነቲ ጐደሎኽም ኪምልእ፡ እሞ ማዕረ ማዕረ ምእንቲ ኪኸውን እዩ እዚ ዝብል ዘሎኽ” 2ቈረ 8፡14።

3. ክርስትያናት ዝህቡ፡ ካብ ኣምላኽ ነገራዊ -ማተሪያላዊ- ኣምሳያኡ ክረኽቡ እዩ።

ሓደ ካብቲ ንሳቶም ጸቒጦም ዝዛረብሉ፡ “ምሃብ” ዝብል እዩ። ነዚ ኽኣ “ሕጊ ካሕሳ” ኢሎም ይጽውዕዎ። ሓንቲ ናታቶም ሰባኺት ከምዚ ክትብል ገለጸቶ “ዓሰርተ ቕርሺ ሃቡ፡ ሽሕ ቕርሺ ክምለሰኩም እዩ። ሽሕ ከኣ ሃቡ 100,000 ውን ክትቅበሉ ኢኹም። ብሓጺሩ እቲ ኣብ ማር 10፡30 ኣብነት እዩ” በለት። እቲ “ምሃቦም” ዝብልዎ ዘለዉ ኣብ ጌጋ ሃቒና ዝተመርኮሰ ምሃብ እዩ። ነቲ ጐይታ ንደቀ መዛሙርቱ ዝመሃሮም ምህሮ ዝረስዕዎ ይመስሉ፡ ጐይታ ይብል “ክትፍደዩ ኽይተጸቤኹም ኣለቕሑ ወይ ሃቡ” ሉቃ 6፡35። ናይ ብልጽግና ወንጌል ግን ንሰዓብቶም ብዓቢ ክምለሰኩም ስለ ዝኾነ “ሃቡ” ይብሉ።

4. እምነት ካብ ገዛኣ ርእስኻ እትብገስ መንፈሳዊ ሓይሊ ኮይና ናብ ብልጽግና እተምርሕ እያ።

እቲ ሓቀኛ ክርስትና፡ እምነት ኣብ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ምውካል ከም እተመልክት እዩ ዝርዳእ።

ንሳቶም ግና “እምነት መንፈሳዊ ሓይሊ እያ፡ እዛ ሓይሊ ንመንፈሳዊ ዓለም ክዓይይ እትገብር እያ፡ ይብሉ። ብመሰርት ናታቶም ስብከት፡ እምነት ብኣምላኽ እትውሃበካ ኣይኮነትን፡ ኣብ ፍቓድ ኣምላኽ እተሰረተት ውን ኣይኮነትን። እምነት ግን ንማተርያላዊ ነገር ንኽትድልብ ዘይኮነትስ፡ ኣብ ጐይታ ተወኪልካ ጽድቂ ምቕባል እያ።

5. ጸሎት፡ ኣምላኽ ንከበልጽገካ እትገብር እያ።

ንሳቶም ካብ ዝጠቕሱዋ ጥቕሲ “ስለ ዘይለመንኩም የብልኩምን” ያእ 4፡2። እዚኣቶም ነቲ ሃደ ክፋል ናይዛ ጥቕሲ ጥራይ ዝሓዘዎ ይመስሉ፡ እቲ ሓደ ክፋል ናይታ ጥቕሲ ግና ብጌጋ ስለ ዝለመንኩም ኣኢኹም ዘይብልኩም እዩ ዝብል፡ “ትልምኑ ኢኹም እሞ፡ ብፍትወት ስጋኹም ምእንቲ ኽትዘርውዎ፡ ብኽፉእ ስለ ዝለመንኩም፡ ኣይትቕበሉን ኢኹም” ይበልና።

ንስዓብቶም፡ ብሕታዊ ዓወት ንኽዕወቱ ክጽልዩ ይምህርዎም። (ሕጂ ውን ስም ክንጠቅስ ግዲ ኮይኑና ኣሎ)፡ ክሬፍሎ ዶሎር እተባህለ ናታቶም ሰባኺ ከምዚ በሎም “ክጽሊ ከሎና፡ ነቲ እንጽልዮ ክንቕበሎ ድሉዋት ኳንና ክንጽሊ ከሎና፡ ኣምላኽ ኣማራጺ የብሉን ንጸሎትና ክፍጽም ጥራይ እዩ ዘለዎ፡ እዚ እዩ መፍትሕ ክርስትያን” በለ። ኣምላኽ ንርእሰ ፍትወት ዘማእከለ፡ ንኽብሪ ስሙ ዘይኮነ ጸሎት ኣይምልሶን እዩ።

ስለ ብሕታዊ በረኽት ምጽላይ ጌጋ ኣይኮነን፡ ግና ጸሎት ንኣምላኽ ንድሌታትካ ክፍጽመልካ እተገድደሉ ኣይኮነን። ኣብ ናይ ብልጽግና ወንጌል፡ እቲ ኣውራ-focal person- ኣብ ጸሎት ሰብ እምበር ኣምላኽ ኣይኮነን፡ ግናኸ ኣብ ጸሎት፡ ኣምላኽ እዩ ኣውራ።

ብርግጽ ኩሉ ድሌታትና ኣብ ኣምላኽ ፍሉጥ ኪኸውን ኣለዎ። (ፊል 4፡6)። ናይ ብልጽግና ወንጌል ግና ኣብ ባህግታት ሰብ ዘተኮረ ኮይኑ፡ ሰባት ብፍትወትን ብዘይ ዕምቈትን ብዘይ ጥልቀት ዝኾነ ጸሎት ከተቕርብ፡ ኣብዚ ዘድሃበ እዩ። ስብከታቶም፡ ንኣምላኽ ኣብቲ ከንቱ ድሌታቶም ከዕይዎ ዝደለዩ እዮም ዝመስሉ። --ሻሎም--

ምስክርነት ዘማሪት ዘርፌ ከበደ



ዘማሪት ዘርፌ ከበደ ኣብ ከተማ ዓሰብ ተወልደት። ኣቦኣ ጌና ንሳ ቁልዓ ከላ ብሞት ተፈለያ። ኣብቲ 1998 ዝተላዕለ ናይ ኢትዮ-ኤርትራ ግጭት ምኽንያት ኣብ 2000 ዓ.ም ምስ ኣዲኣ ናብ ኣዲስ ኣበባ ተሰደት። ናብ ኣዲስ ኣበባ ክትመጽእ ከላ ጌና ንእሽቶ ጓል ነበረት። ዘርፌ ካብ ቁልዕነታ ኣትሒዛ፡ ናይ ምቅናይ ውህበት ስለ ዝነበራ፡ ዝረኸበቶ ደርፊ ደጊማ ትደርፎ ነበረት። እኽልቲ ጐርዞ ምስ ኮነት ከኣ፡ ናብ ዱባይ ንምኻድ ዕድል ረኺባ ከደት፡ ኣብኡ ኸኣ ነቲ ናይ ቅኒት ተውህቦኣ ክትጥቀመሉ ዕድል ረኸበት። ብርክት ዝበሉ ሰባት ከኣ ንናይ ዘርፌ ደርፊ ክሰምዑ ናብ ቤት ሳዕስዒት (ናይት ክለብ) ይኣትዉ ነበሩ። ዝናኣ እናዓበየ ምስ ከደ፡ ዘርፌ ኣብ ስነ ጥበብ ዓቢ ተስፋ ተገብረላ። ጣቕዒት ንዘርፌ! ተባህለ፡ ደርፊ ዘርፌ ልቢ ሰብ ማረኸ! ምስቲ ደርፊ ስዒቡ ከኣ ጫት፡ ስኽራን፡ ኩሉ ዓይነት ወልፍታት መጻ! ዘርፌ እዚ ኸኡ ህቡብነታ ንህይወታ ግና ዕጋበት ክህባ ኣይከኣለን። ዘርፌ ደሪፋ ሽጋራ ኣትኪኻ፡ መስተ ሰትያ ግናኸ ትጭነቕ ነበረት። ብደርፋ ንኻልኦት ክጭፍሩን ክዘናግዑን ጌራ፡ ንርእሳ ግን ባዶነት ይስምዓ ነበረ።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ፡ ካብዚ ባዶነታ ዘዕርፋ ቃል ብስራት ወንጌል ናብ ልባ መጸ። ንናይ ልባ ሕቶታታ ዝምልስ ንሱ ምኻኑ ካብ ርሑቕ ተራእያ። እቲ ኣብ መስቀል ምእንትኣ ዝሞተ መድሕን ህይወታ ዝኾነ ወዲ ኣምላኽ የሱስ ናዝራዊ ጥራይ ምኻኑ ተገንዘበት። ኣብ መስቀል ቀራንዮ ደሙ ዘፍሰሰ የሱስ በዓል ናዝሬት፡ ኩሉ ሓጢኣት ከም ዘንጽህ ናይ ህይወታ መድሓኒኣ ንሱ ምኻኑ ብምፍላጥ ብእምነት ተቐበለት። ዘርፌ ቅድሚ እዚ ናይ ህይወታ ለውጢ ምርካባ፡ ትደርፍ፡ ትጭፍር፡ ትሰቲ፡ ሽጋራ ተትክኽ ክነሳ "እግዚኣብሄር ➔

ይፈርህ እየ፡ ሃይማኖተኛ እየ" እትብል፡ ትጸውም "ኣምላኽ ኣቦይን ኣደይን ንስኻ ሓልወኒ" ትብል ነበረት። እቲ ኣብ ባዶ ዝኾነ ሃይማኖታዊ ስርዓት ዝተመልአ ህይወታ ዕረፍቲ ኣይነበሮን። ብኣንደበታ፡ ነቲ መድሓኒ ዓለም ዝኾነ ስም መድሃኔ-ኣለም እኳ እንተጸውዐት፡ ምስኡ ሓቀኛ ሕብረት ምግባር እንታይ ምኻኑ ግን ኣይትፈልጥን ነበረት።

መድሓኒኣ ብትኽክል ምስ ፈለጠት ግና፡ ንስሓ ኣትያ ነቲ ዝሓለፈ ህይወታ ንምቕያር፡ ንናይ ደርፊ ዓለምን ዓለማውነታን ኣራግፍ ኣቢላ ብምሕዳግ፡ ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ንኣርባዕተ ዓመታት ቃል ኣምላኽ እናተማህረትን ብብሕታ ውን ቃሉ እናጽንዐትን ብጸምን ብጸሎትን እናተግህት፡ ጸንሐት። ድሕሪኡ፡ ዘርፌ ኣቕዲማ ንዓለም ከምዝደረፈት፡ ሕጂ ኸኣ ናይ ዝማሬ ቅብኣት ተቐቢላ፡ "ንኣምላኽይ ክቓንየሉ፡ ክዝምረሉ- ለኣምላኬ ልቀኻለት፡ ልዘምርለት" ዝብል ጸውዒትን ጸርን ኣብ ልባ ተቐበለት። ቤተሰባ፡ ዘርፌ ካብ ደርፊ ዓለም ወጺኣ ምስ ረኣዩ፡ ኣዝዮም ጉህዮም፡ "ነዛ ጌና ብዙሕ ትጽቢት ዝግበረላ ዝነበረ፡ ኣብ ሃገራን ኣብ ዙርያ ዓለምን በዓልቲ ዝና ኮይና ስማን ስም ቤተ ሰባን ብደርፋ ከተጸውዕ ትጽቢት ዝገበርናላሲ" ብምባል ጉህዮም፡ ናብ ጐደና እምነት ብምምራሓ ዝፈልጥዋ ዘበሉ ኹሎም ከም ዝተጸለለት ገይሮም ረኣይዋ።

ንሳ ግና፡ እግዚኣብሄር ኣብኣ ዘቕመጠ ናይ ዝማሬ ጸጋ፡ ነቲ ንሱ ዝሃባ ንእዝኒ ሰማዒ ኣዝዩ

ዝምቕር ውህበታ ንኽብሪ እግዚኣብሄር ክትጥቀመሉ ፍቓደኛ ኮነት። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ኣርባዕተ ኣልበም ኣሕቲማ ንህዝቢ ኣቕሪባ ኣላ። ኩሉ መዛሙራ ኣብ ኣስተምህሮታት መጽሓፍ ቅዱስ ዘተኮረ እዩ ክብሃል ይከኣል። ብተወሳኺ፡ ዘርፌ ነቲ ጥንታዊ ስልቲ ዘለዎ ያሬዳዊ ዜማን ቅዲ ኣዘማምራን ብምኽታል፡ ብባህላዊ መሳርሒ ሙዚቃ ተዓጂባ መዝሙራ ኣቕረበት። መዛሙራ ካብ ቃል ኣምላኽ ፈጺሙ ፈጊግ ዘይበለ፡ ብፍልጠት ቃል ኣምላኽ ዝበሰለ ምኻኑ ኣዝዩ ፍሉይ እዩ።

ዘርፌ "ካብ ቤተ ክርስትያን ኦርቶዶክስ ኣይፍለን፡ ክፍለ ውን ኣይደልን፡ ኣነ ኦርቶዶክስ እየ" እናበለት ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት እኳ እንተገለጸት ሰማዒ ዝረኸበት ግና ኣይትመስልን። ንእኣ ኾነ ነቶም ዝሓብርዋ ንእኣ ዝመስሉ ዘመርቲ፡ ኣብ ኦርቶዶክስ ዘለዉ ሓድሓደ ጉጅለታት "ንስኺ መናፍቓን እምበር ኣማኒት ኦርቶዶክስ ኣይኮንክን፡ ብሕቡእ እትንቀሳቐሲ ጴንጤ ኢኺ" ብምባል ተቓወሙዋ፡ ተጸርፈት። ካብዚ ሓሊፎም ከኣ፡ ናይ ዘርፌ መዝሙር ኣብ ህዝቢ ከይስማዕ ብዙሕ ምንቅስቓስ ገበሩ። ናታ መዝሙር ኣብ ቤት መዝሙር ከይከፋፈል ምፍርራሕ ተገብረ። እዚ ኹሉ በቶም ንሕና ክርስትያናት ኢና ዝብሉ ብምኻኑ ዘሕዝን እዩ።

ከምዚ ይኹን ደኣምበር፡ ናይ ዘርፌ መዝሙር ኣብ ህዝቢ ተፈታዊ ካብ ምኻን ኣይተኽልከለን፡ ብኣንጻሩ ካብቲ ዝግመት ንላዕሊ ብብዝሒ ተደጋጊሙ እናተሓትመ ተዘርግሐ። ዘርፌ ብዛዕባ ማርያም ኮነ ብዛዕባ መላእኽቲ ወይ ብዛዕባ ኣቡናት ክፉእ ዝብሃል ብመዝሙራ ኣየውጽኣትን። መዛሙር ዘርፌ ግና ንኣመንቲ ኦርቶዶክስ ኮነ ንኻልኦት ኣመንቲ ንኹሉ ዝኸውን መልእኽቲ ሒዙ እዩ መጺኡ። ንሳ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓዲሽ ኪዳን ዘሎ ኣስተምህሮ ንእኡ ኣበርቲዓ ብምሓዝ ዘመረት።

"ክርስትያናት ኢና" ዝብሉ ካብቲ ናቶም ኣመለኻኽታ ፍልይ ንዝበለ ሓዎም ንምስዳድን ስሙ ንምጥፋእን ዝትንስኡሲ ንምንታይ ኮን እዩ፧ ዕዮ ወንጌል ኣዝዩ ሰፊሕ ክነሱ፡ መከራኡ ውን ብዙሕ ክነሱ፡ ኣገልገልቲ ነቲ ኣዝመራ ዝኾነ ዕዮ ንምጥፋእ

ካብ ዝነጥፉ፡ ነቲ ኣጥፊአ ኣነ ክነብር፡ ኢሎም ንምታይ ይሓስቡ፧

ንሕና “ብሓደ ኣምላኽ ኢና እንኣምን፡ ወይ ውን ብስላሴ ኢና እንኣምን” እንብል ኩልና፡ ንዝመጽእ ወለዶ ካብ ጥፍኣት ንምድሓን ክንዓዪ ይግብኣና። ንሓድሕድና ንናኽስ እንተኾይንና መጥፍኢ ርእስና ኢና እነዳሉ ዘሎና።

ዘርፌ ንኣገልግሎት ኢላ ናብ ኣሜሪካ ኣብ ዝኸደትሉ፡ ኣብኡ ናብራኣ ብምምስራት ንሓሙሽተ ዓመታት ተቐመጠት። ብዘይካ ምዝማር ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ናይ ሓጺር ጊዜ ኣገልግሎት መዝሙራ ንዘጋጠማ ውረድ ደይብ ንእኡ ዘርእይ ደኩመንታሪ ፊልም ሰሪሓ ኣውጽኣት። ኣብታ ፊልም “ኣይማጐትን’የ” እትብል መዝሙራ ብፍሉይ ኩንታት ኣቕረበታ። ዘርፌ ምስ መን እያ ዘይትማጐት፧ ኢልና እንተ ሓተትና፡ መልሱ “ዘይማጐት ምስቲ ነፍሱ ምእንታይ ዝሃበ ተበጃውየይ የሱስ ፡ ንጥቕሚ ክብል፡ ንጥቕሚ ሰባት ክብል፡ ንሃይማኖታዊ ስርዓት ክብል ንጥቕሚ ሰብ ወይ ንልማድ ሰብ፡ ንኽካታዕ ወይ ንምጉት ኢለ ኣየቕርቦን እየ፡ ኣብ ጐይታ ምስ ማንም ምምዳት ኣይፈልጥን እየ” ዝብል መልሲ ኢና እንርከብ።

ዘርፌ፡ ኣብታ ሓዳስ ኣልበም መዝሙራ ደጊማ “ስለይ ዘማልደለይ ጐይታ የሱስ እዩ - ስለ እኔ የሚማልደው ጌታ የሱስ ነው!” ብዝብል ኣርእስቲ ሒዛ ብምቕራብ ንብዙሓት ኣገረመት። ካብቲ እምነትን ትምህርትን ናይ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ዝማሬ ሒዛ ብምምጻኣ ንብዙሓት ኣቑጥዐት። ግናኸ፡ ዘማሪት ዘርፌ ወገን እግዚኣብሄር ምኳናን መጽሓፍ ቅዱሳዊ መልእኽቲ ሓቂ ንምምሕላፋን እምበር ናይ ማንም ወገን ዘይምኳና ዝፈልጥዋ ይምስክሩላ እዮም።

ዘማሪት ዘርፌ ከበደ፡ ነዛ ሓዳስ ኣልበም መዝሙር ነቲ ንሳ እትኣምነሉ እምነት ግልጺ ንምግባር ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንናይ ማንም ቤተ እምነት ወኪላ ዘይኰነትስ ፡ ንመንግስቲ እግዚኣብሄር ኣማእኪላ ብምስርሓ ብዙሓት ተቐባልነት ረኸበት። ካልኦት መዘምራን ውን ከምዚ ዝበለ መልእኽቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝሓዘ መዝሙር ሒዞም ክቕርቡ ከምዘለዎም ኣስተውዓሉ።

ኣብ ጊዜ ምረቓ ናይታ ኣልበም መዝሙር ዝተሰምዐ ቃል ከኣ ፡ “ቅድሚ ብዙሕ ዘመናት ካብ ዝነበሩ ወለዶታት እናተመሓላለፈ ንዝመጸና ንመንግስቲ ኣምላኽ ዝጠቕማ ዘይኰነስ ዝጐደኣ ሓዲግና፡ ንሕና ክርስትያናት ኩልና ኣብ ትሕቲ ጽላል ሰማያዊት መንግስቲ እንነብር፡ ኣብ ሓደ ኣካል ዘሎና፡ ደቂ ሓደ ኣቦ ኢና፡ ሓደ መንፈስ ከኣ ተዋሂብና ከሎና፡ ግናኸ ነቲ ሓደ ዝገብረና ዓቢ ሰማያዊ ሓሳብ ሓዲግና፡ ብንኣሽቱን ኣብ ግምት ብዘይኣትዉን ነገራት ተፈላሊና ክንርአ ከሎና ዘሕዝን እዩ። ሕጂውን፡ መራሕቲ ቤተ ክርስትያንን ኩላትና ክርስትያናትን ተባሂልና እንጽዋዕን ፡ ክንኮኖ ዝግብኣና ሓድነት እዩ። እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ክሪኡ ዝደሊ ሓደ ሕብረት እዩ፡ ንሱ ከኣ ዳግም ልደት ዝተወልዱ፡ መንፈሱን ባህሪኡን ዝተኻፈሉ ክርስትያናት ኩሎም በቲ ሊቀ ካህን ዝኾነ ብእኡ ናይ ምስጋና መስዋእቲ ክስውኡ፡ ምርኣይ እዩ ዝድለ ዘሎ። እሞኽ ደኣ፡ እዚ ምፍልላይን ፍሉይነትን ንልቢ ኣመንቲ ዝደፋፍእ፡ ንውሽጦም ብጽልኢ ዝቕብእ፡ ክንዲ ዘረዳድእ ክነጃጃሩ ዝገብር ኣብ ውሽጢ ኣትዩ ብምህላዉ ወገንተኝነት ፈጢሩ ኣሎ፡ ስለዚ ነቲ ዝተኸልናዮ ሰባዊ -human- ትካል ዘይኰነስ ንመንግስቲ እግዚኣብሄር ክንከውን ትጽቢት ይግበረልና።”

ዘርፌ ከበደ ሕጂ ውን ኣብዚ 2019 ዓ.ም፡ ወንጌላዊ መዝሙራ ንምቕጻል ዝኣክል፡ ምስቲ ኣብ ኣዋሳ ኢትዮጵያ ተንሲኡ ዘሎ ዓቢዪ ነብዪ ኢዩ ጩፋ ዝብሃል ናብኡ ብምምራሕ፡ ነቲ ምልክት ቅድስና ዝኾነ ናይ ወርትግ ጸዕዳ ነጸላኣ ተኸዲና፡ ናብኡ ብምኻድ ነቲ ብዘማሪት ኣስቴር ደበበ ዝተዘመረ ንምሕረትን ይቕሬታን ፍቕሪ ኣምላኽን ዘስተምህር መዝሙር እናዘመረት ንልቢ ብዙሓት ሰብ ናብ ዕቤት ምሕረት ኣምላኽ ክጥምቱ ገበረት። እግዚኣብሄር ንዘርፌን ንኣገልግሎት ዝማሬኣን ይባርኽ! ©Shalom Magazine. Archives. ምንጪ፡ መጽሄት ‘የጊዜውን ድምጽ’ ቁ.900

ንኹሉ ነገረይ

ተደ፡ ንኹሉ ነገረይ ጽቡቕ ጌርካዮ
እንታይ ኣሎ ጉዲሉኒ ዝብሎ
እንታይ ኣሎ የብለይን ዝብሎ
የብለይን የብለይን ዝብሎ
የብለይን ጉዲሉኒ ዝብሎ

1. ምድረበዳ ናብ ገነት ለዊጥካዮ
ደረቕ ምድሪ ዓይኒ ማያት ኣፈልፈልካዮ x2
ትልውጦ ንኹሉ ንሰኻ
ንህይወተይ ትገብረሉ መቐጸልታ x2
ቋንቋይ ለዊጥካዮ ዘረባይ ቀይርካዮ
ምረተይ ወሲድካ ምስጋና መሊእካዮ
ኣድራሻይ ቀይርካዮ ናብራይ ለዊጥካዮ
ውርደተይ ወሲድካ ምስጋና መሊእካዮ

2. እንደገና ሰሊምካዮ ንእማነይ
ጣዕሚ ሂቡ ኣወቂብካዮ ኩሉ ነገረይ x2
ከምታ ብዙሕ ማያ ዝሰተየት ኣታኽልቲ
ኣጸቢቕካዮን ለዊጥካዮን ነገራተይሲ x2
ቋንቋይ ለዊጥካዮ ዘረባይ ቀይርካዮ
ምረተይ ወሲድካ ምስጋና መሊእካዮ
ታሪኽይ ቀይርካዮ ህይወተይ ለዊጥካዮ
ውርደተይ ወሲድካ ምስጋና መሊእካዮ